# እታ ቐያሕ ባቡር

ካልኣይ ክፋል፤

ብ ኣብርሃም ለኣከማርያም።
ካናዳ።

ሞተር ተልዒሉ ራን ራን ምስ በለ
ብታሕጓስ ኩሉ ሰብ ዓለለ
ደርፊ ሽለላ ቀረርቶ ሆራ
ጣቕዒት እምብልታ ከበሮ ፊኽራ
ከስምዑ ጀመሩ ኩሎም ብብተራ።፤
ባቡረይ ሽገ ምሕዳርኪ ሓሸንገ
ሰብ ከይሪኣኪ ኣይትውፅእለይ ደገ
ሰጉሚ ንቕድሚት ኪዲ ተወንጨፊ
ኣሎና ደቐኺ ሂወት እነወፊ
ዕዳ ኣሎና ዘይተኸፍለ ሕልፊ
ክነምፀኣልኪ ኢና ናይ መፍትሕኺ ቁልፊ።
እናጎየሉ ሰሓቕ ኣብ ማእኸሉ
ሙሉእ መዓልቲ ክኸዱ ወዓሉ።
ኣጋ ምሸት ኮይኑ መሬት ምስ ፀልመተ
ምግቢ ቀሪቡ ዝብላዕ ዝስተ
መራሕ ባቡር መፀዩ ካብ ጋቢና
በሉ ወረዱ ኣብዙይ እዩ ምሕዳርና
እንተ በሎም ብኢዱ እናመላኸተ
ሓደ ብድድ ኢሉ በለ ወድኣይተ!!
መዓዝ መሲሉኑ ከምዙይ ዓይነት ጉዕዞ
ገዛይ ክምለስ እየ እቲ ሽመይ ሰርዞ
ኣብ በረኻ ዊዒልና በረኻ ክንሓድር
መፃውቲ እንሰሳ ኣራዊት ዱር
ንዓሻኻ በሎ ዝዕሾ እንተግኒኻ
ካብ ገዛይ ወፅየ ዝነብር በረኻ።
ኣውረደኒ ኣብዚኣ ነገር ከይተምፅእ
እንተዘይኮይኑ ፖሊስ እየ ዝፅውዕ።
ወዮ ኣውቲስታ ብዙሕ ተገሪሙ
እከለ በሎ ፀዊዑ ብስሙ
እማንካ ኢኻ ዝበልካዮ ኹሉ
ኣየድልዩናን እዮም ከማኻ ዝበሉ
ሓቦ ዘየብሎም ልሕሉሕ መዓንጣኦም
እንታይ ከዓብሱልና ይኺዱ ገዝኦም።
ኣውቲስታ ኣስታት ተቖጢዑ
ከምዙይ በሎም ንኹሎም ፀዊዑ
ጉዕዞ ነዊሑዎ ክምለስ ዝደሊ
ኢዱ የውፅእ ሓፍ የብል ንላዕሊ፤
ሓደ ብድድ ኢሉ

ሰሚዕናዮ ኣሎና እትብሎ ዘሎኻ
ስጋብ መጨረሻ ኣሎና ምሳኻ
ጥራይ ንስኺ ኣፀቢቕካ ዘውር
ብኣና ወገን ምንም የለን ሽግር
ንስኻ ጥራይ ኣፀቢቕካ ዘውር
ፅባሕ ክንግስግስ ሀዚ ደሓን ሕደር።

ክቕፅል እዩ።



ብኣብርሃም ለኣከማርያም’
ካናዳ፤
እታ ቀያሕ ባቡር
ሓንቲ ቀያህ ባቡር  ካብ ምዕራብ
ተበጊሳ
ዉሑዳት ተሳፈርቲ ኣሳፊራ ኣብ ከርሳ
ተርኢያ ዘይትፈልጥ ሓዳስ ነገር
ነዊሕ ዝቑመታ ብመሬት እትበርር
ስርሒታ ሓፂን ብሓፂን ዝተገጣጣመ
ቀለማ ሓዱሽ ማይ ዘይጣዓመ
ደወል ደዊላ ጥሩንባ ነፊሓ
ሰብ ክትኣራሪ ጀመረት ስራሓ።
ህዝቢ ተገሪሙ ብአስተንክሮ ይሪኣ
ፍርሒ ኣትዩዎ ከይቐርብ ጥቓኣ
እንታይ እያ ዚኣ እስኪ ንገሩና
ቁመታ ነዊሕ ትኸይድ ደኒና
ጎማ እኳ የብላን ከይንብላ መኪና
እንታይ እዩ ፍጥረታ መን እዩ ዋኒና
ኣለዋ ዶ መራሒ ኣውቲስታ መሳሊ
ኣፀቢቑ ዝዝውራ ዝገንሓ ብዕሊ?
እናበሉ ሕቶ ኣብ ርእሲ ሕቶ
ዘይተፀበዮ ጭራሽ ዘይገመቶ
በሎም ፎቶሪኖ ንኹሎም ኣኪቡ
ክትከዱ እትደልዩ ሱቕ ኢልኩም
ደይቡ
ንስኻትኩም እተዉታ  ዳኣ እምበር
ኣለዉና ኣውቲስቲ እኒ ኣይዕዘር
ብወነ ዝጓዓዙ ሓቦ ሰኒቖም
እቲ ምዝዋር ንግደፎ ንዓኦም
ሀዚ ደይቡ ጥያቐ ኣይተብዝሑ
እንተዘይደሊኹም ኣብ ገዛኹም
ፅንሑ
ጉዕዞ ከይጀመርኩም እንታይ እዩ
ፍርሑ?
ምስ በሎም
ሓደ ተሳፋሪ ቆብዑ ቀሊዑ
እንታይ እዩ እዚ ነገር ፀወታ ቆልዑ
ዓያሹ እኮ ኣይኮንናን በለ ተጠሊዑ
መሕደሪኣ ዘይትፈልጥ ባቡር
ወይ ትግልበጥ ወይ ትስበር
ቆሉዑት ኣይኮንናን ሱቕ ኢልና
እንሳፈር
ሓቁ ተዛረብ ክንፈልጦ እቲ ሚስጥር?
ተሳፈሩ ኣይበልናን ብሓይሊ ኣገዲድና
ጊዜ ኣይተባኸኑ ነዊሕ እዩ ጉዕዞና
ነዊሕን መሪርን ጥውይዋይ ዝበዝሖ
ግምት የብልናን መዓዝ ከም እንበፅሖ
ክትጓዓዙ እትደልዩ ሓቀኛ ተሳፈርቲ
እስኪ ተኣለዩ ካብቶም መፋነውቲ።
ይቕፅል።